Te Haumako; Te Whitingia

# ሜላ ምጥንኻር ማሕበረሰባዊ ርክብ

## ሓፈሻዊ ሰነድ



Christchurch City Council

# Whiria ngā whenu o ngā papa, honoa ki te maurua tāukiuki

---

## ምክብባርን ምርድዳእን ብዝተመልኦ መልክዑ ደቂ ሰባት ብሓበራ ተስማዕሚዖም ዝነብርሉ ሃዋህው ምጥንኻርን ምብርትታዕን ኣድላይ እዩ።

እዚ ሓበራዊ መስርሕ ‘whakataukī’ ምስ ‘Ngāi Tahu Papatipu Rūnanga’ ብምርድዳእን ብምክብባርን ተስማዕሚዖም ዝመሓደርሉ ሰነድ እዩ። እዚ ሓበራዊ መስርሕ ድማ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ከባቢያዊን ባህላዊን ፀጋታት ብምድንፋዕ ‘Te Tiriti o Waitangi’ ምስ ኩሎም ጉጅለታትን ክፍሊታት ማሕበረሰብን ተረዳዲእና ብንጥፈት ንኽንሰርሕ የኽእለና።

# ሜላ ምጥንኻር ማሕበረሰባዊ ርክብን ‘Te Haumako; Te Whitingia’ እንታይ እዩ?

## ጥዕና ዘለዎ ዘሐጉስን ፅኑዕ ዝኾነ ክራይስቸርቸን ገማግም ባሕርን ንምህናፅ ዘኽእል ፅንኩር ስራሕ ንምስራሕ ዝተዳለወ ሰነድ እዩ።

እዚ ሜላ ምጥንኻር ማሕበረሰባዊ ርክብ ብ2007 ዓ.ም ምስተመስረተ ኣብ ከተማና ፅቡቕ ዝብሃል ምዕባለ ኣምፂኡ እዩ። ኣብ ከተማና ዋላ ‘ኳ ብዙሓት ፀገማት እንተገጠሙና እቶም ፈተናታት ምህዞ፣ ፈጠራታትን ከምኡ ውን ሓፈሻዊ ተግባራትን ንኽፍጠሩ ገይሮም እዮም።

ሜላ ምጥንኻር ማሕበረሰባዊ ርክብ ሰነድ ‘Te Haumako; Te Whitingia’ ከምብሓዱሽ እንትክለስ ሕብረተሰባዊ ርክባት ብዝበለፀ ንኽጠናኸር ንሎሚ ኮነ ንመፃኢ ረብሓ ንክህልዎ እዩ።

## ሓዱሽ ሜላ ንምታይ ኣድላይ ኮይኑ?

እቲ ናይ 2007 ሜላ ምጥንኻር ማሕበረሰባዊ ርክብ ደቂ ሰባት ዝተፈላለዩ ሕብራዊ መንነቶም ሒዞም ብሓባር ተስማዕሚዖምን ተኸባቢሮምን ዝነብርሉ ሃዋህው ንኽፍጠረሎም ከምዝደልዩ ግልፂ ገይሩልና እዩ።

ኣብ ከተማና ንዘጋጥመ ዝተፈላለዩ ማሕበረሰባዊ ፀገማት በይንና ኮይንና ክንፈትሖ ኣይንኽእልን እኳ ድኣስ መርበባትና ብምዝርጋሕን ብምምሕያሽን ሰባዊን ንዋታዊን ሃፍቲታትና በግቡእ ብምጥቃም ሓበራዊ ዝኾነ ውፅኢት ምምፃእ ንኽእል ኢና።

ማሕበረሰብና ከምዝሃበና ሪኢቶ እንተድኣኾይኑ ኣብ ዕላማታትናን ውፅኢታትናን ትኹረት ንኽንገብር ከምኡ ውን ንኹሉ ዘማእከለ ሓበራዊ ስራሕ ንኽንሰርሕ እዮም ዘደልዩ። ክዕቀኑን ክምዘኑን ዝኽእሉ ዕላማታትን ውፅኢትን ንኽህልወና ዋላ ተደለዩ፤ ኣየናይ ይኸውን መኒኡ ክኸውን ኣይክእልን ዝብል ግና ነፂርና ፈሊጥናዮ ኣለና።

እዙይ ሓዱሽ ዝተከለሰ ሜላ ንኹሉ ተበፃሓይ ከምዝኸውን ድማ እምነትና እዩ።

## እዚ ሜላ መስርሕ እንታይ እዩ ሒዙ?

እዚ ሜላ መስርሕ ኣርባዕተ ዓበይቲ ነገራት ዝሓዘ እዩ። ንመፃኢ ዓሰርተ ዓመት ብሓላፍነት፣ ብጥንካረን ብንጥፈትን ማሕበረሰባዊ እጃምና ንኽንትግብር ድማ ይሕግዘና።



# Te Haumako; Te Whitingia
# ምድንፋዕን፣ ምንፅብራቕን



# Te Whakakitenga ራኢና

## ንጡፋትን ዝተኣሳሰሩን ከምኡ ድማ መፃኢ ዕድሎም ባዕሎም ዝወነኑ ማሕበረሰባት ምፍጣር መትከላትን ክብርታትን

### Ngā Mātāpono
### መትከላትን ክብርታትን

- ‘Te Tiriti o Waitangi’ ኣብ ኒውዝላንድ ዝተሓንፀፀ ሰነድ እዩ
- ተግባራትና ንመፃኢ ወለዶ ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ
- በይንና ጥራሕ ክንሰርሕ ኣይንደልን ስለዚ ከዓ ሓቢርካ ኣብ ምስራሕ ክነድህብ ኢና
- ርክባትና ኣብ ምትሕብባር፣ ምርድዳእን ምትእምማንን ዝተደረኸ እዩ
- ስራሕትና ንኹሎም ኣባላት ዘማእኸሉ እዮም
- ሻራውን ዘይፍትሓውን ተግባራት ከይስፋሕፍሑ ኣብ ምጉስጓስን ምብርትታዕን ንነጥፍ
- ንግዜን ፍልጠትን ጸቂ ሰባት ዋጋ ንህብ



### ናይ ዝቅጽል ሓሙሽተ ዓመታት ዋና ትኩረትና

ማሕበረሰባትና ኣድለይትን ወሳንነት ኣለዎም ኢሎም ዝሓበሩልና ቀንዲ ቀንዲ ዛዕባታት ከምዝስዕብ ፈሊናዮም ኣለና።

በዚ መሰረት ድማ፡-

- ሰባት ካብ ማሕበራዊ ንጥፈታትን ካብ ሓበራዊ ተግባራትን ዝንፀልሉን ተሳተፍቲ ዘይኮንሉን ምኽንያት ፈሊና ብምርዳእ ብዝበለፀ ምስራሕ።
- መረዳእታታት ብምትእኽኻብ ቀንዲ ቀንዲ ዕላማታት ነፂርካ ብምቹማጥ ንኹሉ ዘማእከለ ማሕበረሰባዊ ተሳትፎ ምምዕባልን ምዕባይን።
- ማሕበረሰባዊ ድሕንነት ንክህሉ ብፍላይ ድሕሪ ምሸት ኣብ ማእከል ከተማ ዘጋጥሙ ፀገማት ብምፍላይ መፍትሒ ምሃብ።
- ማሕበረሰባዊ ንጥፈታት ብምብርትታዕ ኣብ ጎረባብትን ክፋል ማሕበረሰብን ዘሎ ርክብ በምጥንኻር ንኹሉ ዘማእከለ ተሳትፎ ንኽህሉ ምስራሕ።
- በቲ ማሕበረሰብ ቀዳምነት ዝተውሃቦም ዛዕባታት፣ መትከላትን ድሌትን ኣብ ኩሎም ኣካላት እቲ ማሕበረሰብ ተበፃሓይ ንክኸውን ብትልሚ፣ ብተግባርን ኣገልግሎት ብምብፃሕን ከምኡ ውን ብምምዛንን ብምፅራይን ተግባራዊ ንክኸውን ምስራሕ።
- ሰባትን ማሕበረሰባትን ንኩሎም ነገራት ዝርድእሉ መስርሕ ብምዕባይ መፃኢ ዕድሎም ንኽቆርፁ ግቡእ ሓበሬታ ምሃብ።
- ማሕበረሰባት ብፍላይ ከዓ ተወካሊ ዘይብሎምን ንጸገማት ተጋለጽቲ ዝኮኑን ሰባት ኣብ ናይ ኣየር ለውጢን ሃንደበታዊ ተፃብኦታትን ግብረ-መልሲ ንኽህቡ ዘኽእል ዓቕሚ ብወከልቶም ኣቢልካ ንክልዓዓሉ ምግባር።



# Te Pou ዓንዲታት

## Te Pou Tuatahi: Te Tāngata
## ዓንዲ 1፡ ሰባት

### ንብዙሕነት ዋጋ ብምሃብን ኣብ መላእ ማሕበረሰባትን ወለዶታትን ምትእትታው ብምዕባይን ባህሊ ምዕሩይነት ብንጥፈት ምድንፋዕ።

**ዕላማ 1.1:** ምስ ‘tangata whenua’ ብመንገዲ ‘mana whenua’ and ‘Te Hononga’ ዝምድናታት ምምዕባልን ምዕባይን።

**ዕላማ 1.2:** ምስ ማሕበረሰባት ፓስፊክ ዝምድናታት ምህናጽ፡ ምሕብሓብን ምሕያልን።

**ዕላማ 1.3:** ምስ ብዙሕ ብሄራትን ብዙሕ ባህልታትን ዘለዎም ማሕበረሰባት ዝማዕበለ ዝምድናታትን ዓወታትን ብመንገዲ ስትራተጂ ብዙሕ ባህሊ – መጻኢና ብሓባር ምህናጽ ምቕጻል።

**ዕላማ 1.4:** ጥንካረ ዝተፈላለዩ ማሕበረሰባት ምጥቃምን ማሕበራዊ ምግላል ዝምልከቱ ጉዳያት ምፍታሕን።

**ዕላማ 1.5:** ስነ-ጥበብ፡ ባህሊ፡ ቅርስታት፡ መዘናግዒታትን ንኣከባቢ ዝከናኸኑን ተበጻሕነት ኣብ ምሃብ ዝነጥፉ ጉጅለታት ምድጋፍ።

**ዕላማ 1.6:** ንኹሉ ዝኸውን ናይ ምሉእ ዕድመ ትምህርቲ ዕድላት ምምችቻውን ምድንፋዕን።

**ዕላማ 1.7:** ጽምዋን ማሕበራዊ ተነጽሎን ንምንካይ ምስ ካልኦት ምስራሕ፡ ብፍላይ ኣብ መንጎ ወለዶታት ዝግበር ኣገባባት ትኹረት ብምግባር።

## Te Pou Tuarua: Te Whenua
## ዓንዲ 2፡ ቦታ

### ኣብ መንጎ ማሕበረሰባት ምትእስሳር ንምህናጽ ምድጋፍን ምሕጋዝን ንናይ ከባቢ መንነት ስምዒት፣ ናይ ሓባር ተመኩሮን መጋቢነትን ንምዕባይ

**ዕላማ 2.1:** ማሕበረሰባት ናይ ከባብያዊ መንነትን ዋንነትን ስምዒት ክፈጥሩን ክቕጽሉን ምትብባዕ።

**ዕላማ 2.2:** ኣብ ገጠርን ከተማን ምስ ሓደስቲን ዝቐየሩን ማሕበረሰባት ብምስራሕ ናይ ዋንነት ስምዒት ንምህናጽ።

**ዕላማ 2.3:** ንማሕበረሰባዊ ምንቅስቓስን kaitiakitanga ህዝባዊ ቦታታትን ቦታታትን ምድጋፍ።

## Te Pou Tuatoru: Te Mahi
## ዓንዲ 3፡ ተሳትፎ

### ኣብቲ ሰፊሕ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ነበርትን ጉጅለታትን ኣብ ማሕበራዊ ጉዳያት ብንጥፈት ተዋፊሮም ንህይወቶም ዝጸልዉ ውሳኔታት ከበግሱን ክጸልዉን ዝኽእሉን እዮም።

**ዕላማ 3.1:** ነበርትን ጉጅለታትን ኣብ ማሕበረሰቦምን ከባቢኦምን ዝጸሉ ውሳኔታት ክሳተፉ ስልጣን ምሃብን ምብቃዕ።

**ዕላማ 3.2:** ሓፈሻዊ ርድኢት ኣብ መስርሕ ውሳነ ቤት ምኽሪ ምዕባይን ሰባት ርእይቶኦም ንኽህቡ ምድጋፍን። ዝያዳ ሰባት ኣብ ውሳነታት ክሳተፉ፡ ከምኡ’ውን ሓሳባቶም ዝስማዕ ኮይኑ ክስምዖም ንደሊ።

**ዕላማ 3.3:** ንሰራሕተኛታትን ንዝተመርጹ ኣባላትን ንውጽኢታዊ ውሳነን ምትእስሳር ሕብረተሰብን ጽቡቕ ሓበሬታ ዘለዎ ደገፍን ምኽርን ምሃብ።

**ዕላማ 3.4:** ኣብ መላእ ቤት ምኽርን ሰፊሕ ሕብረተሰብን ዕድላት ገበርቲ ሰናያት ምዕባይን ከምዚ ዓይነት ዕድላት ዝህባ ትካላት ምድጋፍን።

## Te Pou Tuawhā: Te Takatū
## ዓንዲ 4፡ ምድላው

### ሰባት ኣብ ማሕበረሰቦምን ከባቢኦምን ውሕስነት ይስምዖም ከምኡውን ንለውጥን ምዝንባዕን ንኽርድኡን ንኽላመዱን ዝበለጸ ንምስራሕን ብሓባር ይሰርሑ።

**ዕላማ 4.1:** ምስ ማሕበረሰባት ብምስራሕ ንህጹጽ ኩነታት ምድላውን ምላሽ ምሃብን ከምኡ’ውን ተጻዋርነትን ምስ ኩነታት ኣየር ምትዕጽጻፍ ስጉምትታት ንምዕባይን።

**ዕላማ 4.2:** ዓቕሚ ሕብረተሰብን ገበርቲ ሰናያትን ንሓደጋ፣ ምዝንባዕን ለውጥን ምውጣን፣ ምትዕጽጻፍን ምላሽ ንምሃብን ምድጋፍ።

**ዕላማ 4.3:** ስምዒት ጕርብትና ንምዕባይ ዝዓለመ ናይ ከባቢን ከተማን ተበግሶታት ምድጋፍ።

# Whakatinanatanga ኣተገባብራ

ነዚ ስትራተጂ ምቕራብ ብደረጃ ቤት ምኽሪ ዝግበር ፃዕሪ እዩ። እቲ ስትራተጂ ንውጽኢት ሕብረተሰብ ንምጽላው ዝዓለመ ኮይኑ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብዝተሓላለኸ ዝምድናታትን ሓድሕዳዊ ጽግዕተኛነትን ምስራሕ ዘጠቓልል ክኸውን እዩ። በይንና ኣይንሰርሕን ኣብ መላእ ትካልን ከተማን ምስ ወሰንቲ መዳርግቲ ኣካላትን ማሕበረሰባትን ኣብ ሽርክነትን ምትሕብባርን ክንምርኮስ ኢና።



## ምዕባለና ብኸመይ ክንከታተሎ ኢና?

ኣፈፃፅማና ዓመታዊ ምስ ዕላማታት እቲ ስትራተጂ ክንዕቅኖ ኢና፣ ውፅኢታት ንምግላጽ ዝተሓዋወሰ መረዳእታን ዛንታታትን ብምጥቃም ኢና። ብተወሳኺ ስግረ ቤት ምኽሪ ኣተገባብራ ጕጅለ ክንምስርት ኢና፣ እዚ ድማ፤

- ዕላማታትናን እቕድናን ብደረጃ ስርሒት ከም ኣድላይነቱን ኣብ ዝደለየሉን እዋን ብኸመይ ከም ዝዕወቱ ንምግላጽ ንዝምልከቶም ሽማግለታትን ጕጅለታት ስራሕን ጸብጻብ ምሃብ።
- ናይ ከባቢ ምዕባለ ዛንታታት ዝነግሩ ጸብጻባት ማሕበረሰባዊ ቦርድ ኣብ ክልተ ወርሒ ናብ ቤት ምኽሪ ምቕራብ።
- ንጥፈታት ንምክፋልን ዓወት ንምጕላን ናይ ማሕበረሰብ ዜናታት ምፍራይ።
- ምስ ዕላማታት ስትራተጂ ዝዛመድ መረዳእታ መፅናዕቲ ምክትታል።
- ኣብቲ ናይ ሓባር ውጥን ስራሕ ጥዕና ኣብ ኩሉ ፖሊሲታትና ምስ ማሕበረሰብን ህዝባውን ጥዕናን ከባብን ካንተርበርይ ዝተሰማምዑሉ ስጕምትታት ምክትታል።
- ብሉፅ ተሞክሮታት ንምክፋልን ማሕበራዊ ፅልዋ ንምጕላሕን ማሕበረሰባዊ ፀብፃብን ዛንታ ምዝንታውን ምትብባዕ።
- ናይ ማሕበረሰብ ድጎማ ናይ ገንዘብ ድጋፍን ሪፓርት ወሲኩ ዓመታዊ ናይ ኣፈፃፅማ ትልሚ መመሓየሺ ክነዳሉ ኢና።
- ኣብ 2027 ዝነበረ ትልሚ ኣተገባብራ ምምሕያሽ ምግባር።



# Te Haumako; Te Whitingia
# ሜላ ምጥንኻር
# ማሕበረሰባዊ ርክብ
## ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ሰነድ

ምሉእ ስርሒት ናይቲ ስትራተጂ ንምርኣይ
ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፤

**ccc.govt.nz**

Christchurch City Council